# ዓመታዊ ገምጋም ህዝባዊ ስረሓት ብደረጃ ሕ/መ/ኣሜሪካ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ ተቓኒዑ

ካብ ታሕሳስ 02-03, 2006 ካብ 32 ክፍለ ሃገራት (States) ሕ/መ/ኣሜሪካ ዝመጽኡ ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ወከልቲ ቆንስላዊ ጉዳያትን ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ ዓመታዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲ ተቓኒዑ። እዚ 120 ወከልቲ ዝተሳተፍዎ ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ኣኼባ፡ ኣብ ገምጋም ስረሓት ዓመት 2006፣ ምልውዋጥ ተሞኩሮ፣ ገምጋም ህዝባዊ ኣገልግሎታትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕንጻጽ ዓመታዊ መደብ ስራሕ 2007 ዘተኰረ ኮይኑ፡ ኣብ ርእሲኡ ዝተፈላለየ ንምምዕባል መሪሕ ሰብኣዊ ዓቕሚ ዝዓለመ ኣስተምህሮታት ተኻይዱ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ዚ ኣኼባ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕ/መ/ኣሜሪካን ካናዳን ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ኤርትራን ከባቢኣን ኣተኲሩ ኣብ ዘቕረቦ ሰፊሕ መግለጺ፡ ኤርትራ ምስ ጎረባብታን ካልኦት ሃገራት ዓለምን ውሕስነት ዘለዎ ዝምድና ንምምስራት እትዓየሉ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታት እንታይ ከምዝመስል ብዕምቈት ድሕሪ ምትንታን፡ ኣብዚ እዋን ምስ ምውሓስ ናጽነት ማዕረ ኣቓልቦ ተዋሂቡ ዝዕየየሉ ዘሎ ፖሊሲ ምድልዳል ቁጠባ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ብምድሃብ፡ ኤርትራ ካብ ምጽወታ ናጻ ዝኾነ ስርዓት ቁጠባ ንምስሳን ተሰላሲሎ ዘላ መደብ ብዕምቈት ገሊጹ። ኣብ ኩሉ መዳያት ዝጭበጥ ዘሎ ተሞክሮታትን ዓወታትን ዝነኣድ'ኳ ተኾነ፡ ነዚ ክቡር ሃገራዊ ፕሮጀክት ብመንጽር ናይ ግዜን ውጽኢታትን መለክዒ ኣብ መዓርፎኡ ንምብጻሕ ክስገር ዘለዎ ጸዕርታትን ብድሆታን ብምዝርዛር፡ መምስ ዝመጽእ ግዜ ዝገሃድ ተጻብኦታትን ብደሆታትን ብስሙር ቅልጽምን ትኹር ኣካይዳን ክስገር ምኻኑ ምስ መረድኢታቱ ኣቕሪቡ።

መራሕቲ ጉጅለታትን ወከልቲ ቆንስላዊ ጉዳያት ነንከተማኦም ብምውካል ኣብ ዓመት 2006 ናይ ዝተዓሙ ስርሓት ጸብጻብ ሓደ ብሓደ ብምቕራብ፡ ንዝተመዝገበ ዓወታት ንዝተራእየ ጉድለታትን ብምንጻር፡ ኣብ ህዝባዊ ስረሓት ዘለዉና ብደሆታትን መፍትሒታቶምን ከኣ ብዕምቈት ዘትዮም። ኣኼበኛታት ሓፈሻዊ ኩነታት ህዝቢ፣ ኣቃውማ ማሕበረ ኮማትን፣ ዝምድናታት ስራሕ ምስ ኩለን ናይ ሓፋሽ ማሕበራትን ብሓፈሻ ኩነታት መንእሰያትን ዝረኤ ዘሎ ዘገምታዊ ፍግረ-ሃገራዊ ባህልን መንነትን ክብርታትን ንምዕጋት ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምታት ከኣ ብፍላይ ተመያይጦም። ብተወሳኺ፡ ኣብ'ዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ናይ ግዳም ጸላእቲ ዘሳውርዎ ስነ-ኣእሙራዊ ኲናትን ኣሳሰይቱን ንምምካት ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ንምትራር ክውሰዱ ዘለዎም ናይ ቃልሲ ኣገባባት ኣሚሞም።

ኣብ'ዚ ኣኼባ፡ ሰብኣዊ ዓቕሚ ካድራት ንምሕያል ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ሰሚናራት ቀሪቦም። "ተራ መሪሕነትን ስርዓት-ርክባትን ኣብ ምዕዋት ህዝባውን ፖለቲካውን ስረሓት" ብሓላፊ ህዝባዊ ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ገብረሂወት፣ "ስደትን ማሕበረ ስነ-ኣእሙራዊ ጽልዋታቱን" ብዶ/ር ተስፋይ ኣርዓዶም፣ "ንሕናን ጉድ ዓለምናን" ዘርእስቱ፡ መኸተ ኤርትራ ኣንጻር ኣሉታዊ ጽልዋ ስቱር መግዛእቲ ኣብ ሃገራት ኣፍሪቃ ዝድህስስ፡ ብዶ/ር በረኸት ፊዳይ፣ "ቅርጽን ግብራዊ ኣወዳድባን ጉጅለ

ብመንጽር ዕላማታት ሃገራዊ ቻርተር" ብኣቶ ዳዊት ሃይለ ወኪል ህዝባዊ ጉዳያት ኣብ ማእከላይ ምዕራብ ሕ/መ/ኣሜሪካ ቀሪቡ።

ተሳተፍቲ ኣኼባ፡ ኣብ ኣርባዕተ ንኡሳን ጉጅለታት ተመቓቒሎም ብዘካየድዎ ሰፊሕ ናይ ምፍልፋል ሓሳባት ዘተ ከኣ፡ ኣብ ሽዱሽተ ቀንዲ ነጥብታት ብምትኳር፡ መደብ ስራሕ 2007 ንምቕያስ ዘኽእል እማመታትን ሓሳባትን ኣቕሪቦም።

ኣብ'ዚ ኣኼባ፡ ኣደ መንበር ሃማደኤ ጨንፈር ሕ/መ/ኣሜሪካ ወ/ሮ ሳምራዊት ሚኪኤልን፡ ኣቦ መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ኣቶ ዓንደሚካኤል ገብረስላሴን ተረኺቦም፡ ነንሽነኾም ዝምልከት ንጥፈታት ስራሕን መጻኢ መደባት ብምምርኳስ፡ ዝምድናታት ስራሕ ንምድልዳል ዝሕግዝ መግለጺታት ኣቕሪቦም።

ጸሓፊ ጉጅለ መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ዋሽን'ተን ዲሲን ከባቢኣን መንእሰይ ሮቤል ተስፋይ ብወገኑ፡ ኣብ ዓመት 2006 እቲ ጉጅለ ንዘሰላሰሎም ኣገደስቲ ንጥፈታት ዝምልከት ፍሉይ ጽብጻብ ኣቕሪቡ። መስርሕ ምውርራስ ንምዕዋትን፡ መንእሰያት ብፍሉይ ክውደቡን ሓላፍነት ክስከሙን ዘሎ ክቱር ኣገዳስነትን ተተግባርነቱን ድማ ምስ ጭቡጥ ኣብነታት ኣቕሪቡ።

ጉጅለ ህግደፍ ሜሪላንድ ብወገና፡ ነቲ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ዝግበር መደብ ምዝንጋዕ ኣባላት ህግደፍ ዋሽን'ተን ዲሲን ከባቢኣን ምስ ምቕባል ኣጋይሽ ኣኼበኛታት ብምጥዕዓም፡ ብቀዳም ታሕሳስ 02, 2006 ኩሎም ኣጋይሽን ኣባላት ህግደፍን ግዱሳት ሃገራውያንን ዝተረኽብሉ ዓቢ ናይ ድራር እንግዶትን ምዝንጋዕን ኣካይዳ። ኣብ ሚኒስትሪ ጸዓት ሓላፊ ምምዕባል ፕሮጀክት ተተካኢ ጸዓት ዝኾነ ኣቶ ደበሳይ ገብረሂወት፡ ኣብ'ዚ ኣጋጣሚ ተረኺቡ፡ ነታ ኣብ ኤርትራ ያታውነታ ዓቂባ ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ንኽትዓዪ ዝመሃዛ ኣከባቢ ንምዕቃብን ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝወርድ ዝነበረ ማህሰይቲ ንምውጋድን ዓቢ ውጽኢት ዝተረኽባ ምህዞ ሞጎጎ "ኣድሓነት" ብዝምልከት ብቪድዮ ዝተሰነየ ሰሚናር ኣቕሪቡ። "ኣድሓነት" ኣብ ካሊፎርንያ ካብ ዝርከብ Tech Museum ናይ 2006 ሽልማት ምህዞ ኣከባቢ (Environment Award) ተዓዋቲት ዝኾነት፡ ኣብ ምምማይ ካብ ዝቐረቡ 900 ምህዞታት ሓንቲ ካብተን ዝተዓወታ 25 ብምኻን እያ። ኣቶ ደበሳይ መጎጎ ኣድሓነት ኣብ ሓንቲ ስድራ ቤት ተተኺላ ኣገልግሎት ንኽትህብ ዝግበረላ ገንዘባዊ ወጻኢ $20 ዶላር ምኻኑ ምስ ገለጸ ከኣ፡ ተኻፈልቲ ናይ'ዚ ምሸት ብኡ ንብኡ ኣብ ጁባኦም ዝጸንሖም ብምውጻእ ን70 ስድራቤታት መዓላ ዝውዕል ኣስታት $1500 ዶላር ኣዋጺኦም ኣረኪቦም።

እዚ ንክልተ መዓልታት ዝቐጸለ ሰፊሕ ዓመታዊ ኣኼባ፡ ተሳተፍቲ፡ ሃገራዊ መደባት ንምዕዋትን ኩሉ ዓይነት ተጻብኦታት ንምምካትን ቅሩባት ምዃኖም ብዝኣተውዎ መብጽዓን ዘቕረብዎ ኣገደስቲ ለበዋታት፡ ብሰንበት ምሸት ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ!
ቤ/ጽ ህዝባዊ ጉዳያት ሕ/መ/ኣሜሪካ
ታሕሳስ 04, 2006